# ቃለ-መሕትት ምስ
# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ 4 ክሳብ 5 ሰነ ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኣፍሪቃ-ደቡብ ኮርያ ምስታፉ - ብማዕከናት ዜና ተሓቢሩ እዩ። ኣብ'ቲ ዋዕላ ብዛዕባ ዝተላዕለ ነጥብታትን ምስኡ ዝተሓሓዝ ካልእ ጉዳያትን፡ ኣብ'ቲ ቦታ ንዝርከብ ጋዜጠኛ ሱለማን ዓበ መብርሂ ሂብዎ ነይሩ - ጽማቑ ትሕዝቶኡ እነሆ፦

**ሕቶ - ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣቐድም ኣቢሉ ዋዕላ ኣፍሪቃ-ፈረንሳ፣ ዋዕላ ኣፍሪቃ-ቻይና፣ ሩስያ፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ደቡብ ኮርያ ተኻይዱ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ዋዕላታት ናይ ኣፍሪቃ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ከመይ እዩ ዝረአ?**

ኣብ'ዚ - ከመይ ገይርና ነንብቦ? ብኸመይ ክንትርጉሞን ናበይ ክንጥምት ንኽእልን? ዝብሉ ሕቶታት ክመጽኡ ግድነት እዩ። ሓደ፡ እዚ ብዓለም ደረጃ ዝመጽእ ዘሎ ምቕይያራት - እዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ብዓለም ደረጃ ክጥመት እንከሎ፡ መሰጋገሪ መድረኽ ኢዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዝሑል ኲናት ነይሩ - ተወዲኡ እንኮ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምምስራት ህቀነታት ተኻዩዱ። ሕጂ፡ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት እንሰጋገረሉ ዘለና እዋን እዩ። ብታሪኻዊ ኣመዓባብላ፡ ኣብ ውሽጢ መቓን ከም'ዚ ዝኣመሰለ ክትርእዮ ትኽእል ነዚ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላታት። እዚ ናይ ኩሉ ፈተነ - ኩሉ'ቲ ዝጽዓር ወይ ዝፍተን ዘሎ፡ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ኣብ እንሰጋገረሉ እዋን፡ ክግበር ዘለዎ ምትዕርራያትን ናይ ሓባር ኣረኣእያታትን ናይ ምፍጣር ተበግሶታት ኢልና ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ካብኡ ናብኡ ግን፡ ስለምንታይ ፍሉይ ኣተኩሮ ናብ ኣፍሪቃ? ንዝብል፡ ናይ ኣፍሪቃ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ዝሓለፈ ታሪኻዊ መድረኻት እንታይ ይመስል ነይሩ? ኣገዳስነት ናይ ኣፍሪቃ

ብመጻኢ ዓለማዊ ስርዓት እንታይ ክመስል ኣለዎ? እዩ'ቲ ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶ። ነቲ ናይ ኣፍሪቃ ኣገዳሲ ቦታ ብዓለም ደረጃ ዘጉልሕ ድማ እዩ። እቲ ዋዕላታት፡ ዕላማታቱ ብዝርዝራት መጺኣካ ክትዛረበሉ እንድሕር ኴንካ ከኣ፡ ዓለማዊ ስርዓት ክመጽእ እንተኾይኑ፡ ብቁጠባዊ፡ ብባህላዊ፡ ፖለቲካዊ. . . መለክዒታት ከምኡ'ውን ርግኣትን ጸጥታን ከም መለክዒ ወሲድካ - ኣፍሪቃ ከም ዝተዋሰነ ክፍለ-ዓለም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣገዳስነቱ ንመጻኢ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ሽርክነት ንምምስራትን ንምምዕባሉን ዝግበር ዘሎ ህቀናታት እዩ ኢልና ክንትርጉሞ ንኽእል ከም ሓፈሻዊ መግለጺ።

ስለ'ዚ፡ እዞም ዝካየዱ ዝለዉ ዋዕላታት ንኣፍሪቃ ኣገደስቲ እዮም። ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ኣፍሪቃ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ክኣቱ እንተኾይኑ፡ ምስ ዝተፈላለየ ክፍላተ-ዓለም፡ ምስ ዝተፈላለያ - ጸለውትን ዘይጸለውትን ዓበይትን ነኣሽቱን ዝበሃላ ሃገራት ዝምድናታቱ ክሰርዕ ኣለዎ። እዚ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላታት ዓቢ ዕድል እዩ ንኣፍሪቃ። ካብኡ ወጺእካ ግን፡ እቲ ዋዕላታት ናይ ብሓቂ ዘድምዕ ኣበርክቶ ክገብር፡ ንመጻኢ ጉዕዞን ለውጢን ብዓለማዊ ስርዓት ደረጃ እንታይ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል ዓቢ ብደሆ እዩ። ነዚ ግን፡ ሕጂ፡ ጽባሕ፡ ድሕሪ ጽባሕ ተብ-ተብ ኢልና መልሲታት ክንረኽበሉ ዘይኮነ፡ ዕዮ ገዛና ገይርና፡ ንዝሓለፈ ቃለ-መሕትት ኣንቢብና፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ መሰጋገሪ መድረኽ'ውን ብግቡእ ኣንቢብና - ኣፍሪቃ ነዚ ዕድል'ዚ ከመይ ገይሩ ይጥቀመሉ ኣገዳስነቱ ዘከራኽር ኣይኮነን። ከምጽኦ ዝኽእል ጥቕሚታት ወይ ፋይዳ መወዳእታ የብሉን። ግና ትም ኢልካ ብስምዒት ዝሽውን ኣይኮነን። ኣገዳስነት ናይ'ቲ ዋዕላታት ርዱእ ኰይኑ - ናይ ቻይና፡ ሩስያ፡ ኢጣልያ ይኹን ናይ ካልኦት ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ብዞባ ደረጃ፡ ብዓለም ደረጃ፡ ብክፍሊ-ዓለም ደረጃ ክንሰርሓሎም ክንክእል ኣለና። ኣፍሪቃ ካብ ዝተዋሰነ (ማርጂናላይዝ) ዝኾነ ክፍለ-ዓለም ወጺኡ - ኣብ ዓለም ክሕወስ ክኽእል ምእንቲ፡ ነዞም ኣጋጣሚታት እዚኣቶም ክጥቀመሎም ከምዘለዎ ምስትብሃል የድሊ።

## ሕቶ - ምስ ናይ ደቡብ ኮርያ ፕረዚደንት ስፍሕ ዝበለ ርክብ ኣካይድኩም ነይርኩም። ብዛዕባ እንታይ እንታይ ተዘራሪብኩም መብርሂ ክትህበና?

ጽምዶ እትበሃል ነገር ቀላል ኣይኮነትን። ሽርክነት ኢልካ ይዝረብ እዩ - ስትራተጅያዊ፡ ስልታዊ፡ ድላይካ ናይ ረብሓታት ናይ ፋይዳ ሽርክነት ክትብል እውን ትኽእል ኢኻ። ናይ ብሓቂ ናይ ኣማን/ዕቱብ ሽርክነት ክትምስርት እንድሕር ኴንካ ግን፡ ናይ ሓባር መረዳእታ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ናይ ግድን ኣይኮነን ኣብ ሓደ ስምምዕ ክትበጽሕ። ነቲ ሽርክነት ዘድምዕ ውጽኢታዊ ክኾነልካ ምእንቲ ግን፡ እቲ መሻርኽትካ ሓሳባትካ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። መደባትካ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። ነዛ ኣጋጣሚ እዚኣ ከም'ተን ዝሓለፋ ኣጋጣሚታት ክንጥቀመላ፡ ብመንጽር ናይ ኮርያ ዓቕሚ፡ ኮርያ ክትገብሮ እትኽእል ኣበርክቶ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ከም ዝኾነ

ነገር ከይወስድዎ ምእንቲ፡ ጽባሕ ንግሆ ዘድምዕ ኣበርክቶ ክገብሩ ምእንቲ - ሓሳብና ከነካፍሎም ክንክእል ኣለና። ሓሳብና ገፊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ግዜ ዝወስድ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ግን ጸሚቕና ንዓኣተን ከነቕርበን ክንክእል ኣለና። እታ ናይ መጀመርያ መእተዊት ኣርእስቲ ኣሉታዊ መልእኽቲ ከተመሓላልፍ ትኽእል ትኸውን - ግን፡ ነቲ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት እትገልጽ እያ። ብኸመይ ንጀምር? ኣብ መንጎ ደቡብ ኮርያን ኣፍሪቃን ሽርክነት ክምስረት እንተደኣ ኮይኑ፡ እቲ ሽርክነት ኣብ ድልዱል ባይታ ክህነጽ ክኽእል ኣለዎ። ድልዱል ባይታ ማለት - ናይ ሓበር መረዳእታን መበገሲን ክህልወና ስለዘለዎ እዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ኣመዓባብላታት - ኣውራ ኣብ'ዚ 30 ዓመታት ከም'ዚ ዝተዓዘብናዮ ነዚ ናይ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ንምፍጣር ወይ ንምርግጋጽ ዝተገብረ ፈተነን ፍሽለቱን፡ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ክንሰጋገር እንድሕር ኮይንና፡ ኣፍሪቃ ድሉው ኣሎ ዲዩ ንሽርክነት? ንጽምዶ ድሉው ኣሎ ድዩ? ንዝብል ሕቶ - የለን። ነዛ ሓቂ እዚኣ ክንቅበላ ክንክእል ኣለና። ስለምንታይ እዩ ድሉው ዘይኮነ ከኣ - ሓደ ክልተ ኢልና ክንትንትነን ክንክእል ኣለና።

ኣይፋሉን ዝበለጸ ሓሳባት ኣለኒ ዝበለ፡ ሓሳባት ከምጽእ ይኽእል ይኸውን። ኣብ ኣፍሪቃ ግን፡ ድሉውነት የለን ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ግዜ። ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ግን የብሉን። መሻርኽትና ደቡብ ኮርያ እምበኣር፡ ነዚ ፈሊጣ ክትኣቱ ስለዘለዋ፡ እዚ ዘይድልውነት ክፍወስ ክኽእል ኣለዎ። ብኹሉ መለክዒታቱ - ናይ ራኢ፡ ናይ ስትራተጂ፡ ናይ ፖለቲካ ዘይርጉእነት፡ ቅልውላዋት፡ ፖለቲካዊ ብደሆታት ብኹሉ ከባቢ፡ ቁጠባዊ ጸገማት እውን ካብ ናይ subsistence economy ናይ ዕንጋሎ ቁጠባ ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ። ኣፍሪቃ፡ ጥረ ነገራት ካብ ምስዳድ ሓሊፉ ኣመስሪሑ ኢንዱስትሪያውነት ኣማዕቢሉ፡ ኣብ ደረጃ ናይ በዓል ኮርያ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ ጽባሕ ንግሆ። እዚ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ የለን። ኣብ ኣፍሪቃ ዘሎ ምትእትታው ናይ ግዳም ሓይሊታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ስርዓታት ዘሎ ብኩልነት፡ ምጥፍፋእ፡ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዘጋጥሙ ዘለዉ ብደሆታትን ዕንቅፋታትን መወዳእታ የብሎምን። ነዚ ናይ ኣፍሪቃ ዘይድሉውነት እዚ፡ ብኹሉ ጕድኒታቱ ተንቲንና ክንፈልጦ ክንክእል ኣለና። ንምንታው፡ ንምንእኣስ ኣይኮነን። ነቲ ሽግራት ንምፍታሕ ክንተሓጋገዝ ስለዘለና እዩ - እቶም መሻርኽትና እውን ክፈልጥዎ ስለዘለዎም። ደቡብ ኮርያ ኣበርክቶ ክትገብር እንድሕሪ ኰይና፡ ብኸመይ መንገዲ? ኣብ ምንታይ ምንታይ ዓውዲታት ኢና ክንተሓጋገዝ? እቶም ንተሓጋገዘሎም ዓውዲታት - ጽላት ብጽላት፡ ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ፡ ሓደ ብሓደ ክንሰርዮም ክንክእል ኣለና። ንኣብነት ጸዓት፡ ትሕተ▯ቕርጺ፡ ማይ፡ ጸጋ ሰብ፡ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ዓሳ. . . ኢልና ሓደ ብሓደ ንሰርዮም። ካብ'ዚ ዘለውዎ ኩነት ናብ ዝሓሸ ኩነት ክንወስዶም ምእንቲ፡ ስትራተጂ ምንዳፍ እውን ዘይኮነ፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ፕሮጀክት፡ ዝርዝራዊ ውጥናት ከነዳሉ ክንክእል ኣለና።

እዚ ውጥናት'ዚ ምስ ተዳለወ እውን፡ ንትግበረኡ ዘድሊ መንሳንሲ ጸጋታት resource mobilizat tion ክህሉ ኣለዎ። እዚ ኩሉ ኣዳሊኻ እውን፡ ንዓኡ ከማሓድር ዝኽእል ኣልያ ወይ መካኒዝም ክህሉ ኣለዎ። መካኒዝም ጥራይ ኮፍ ምባል ዘይኮነ፡ ናይ ምቍጽጻር፡ ምክትታል ኣልያ'ውን ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚኣ ጌጋ ነይሩ፡ እዚኣ ክትእረም ክትመሓየሽ ኣለዋ፡ እዚ ኣብ'ዚ በጺሑ ኣሎ. . . እናበልካ ትግምግመሉ መስርሕ ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ሽርክነት ኣድማዕነት ክህልዎ ምእንቲ። እዚ ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ እዩ - ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ፡ ኮርያ ብልጫ ኣለዋ። ኮርያ ብኹሉ ኩሉ ብተክኖሎጂ፡ ኢንዱስትሪ፡ ቁጠባ፡ ብዝተፈላለየ ተመኩሮታት ዓቢ ሃብቲ ስለዘለዋ፡ ኣበርክቶኣ ክትገብር ምእንቲ ነዚኦም ክትቅበሎም ክትክእል ኣለዋ። ኣብ'ቲ መጋባእያ ዝቐረበ ቃል እንድሕር ነይሩ'ውን ነዚኣተን ከተቕርበን ክትክእል ኣለካ።

ኣብ'ቲ መጋባእያ ስለዝቐረበ ወይ ሰለዘይቀረበ ዘይኮነ ግን፡ ንቐጻሊ - እቲ ሽርክነት ድሮ በዚ መጋባእያ'ዚ ተመስሪቱ ስለዘሎ ናብ ከምኡ ገጹ ክምዕብል ኣለዎ። ምስ ናይ ኮርያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ዝተፈላለያ ካልኦት ሃገራትን ክፍለ-ዓለማትን ኣብ ዝግበር ሽርክነት'ውን ቅድሚ ናይ ካልኦት ኣበርክቶ፡ ኣፍሪቃ ብቐንዱ ናቱ ዕዮ ገዛ ክገብር ኣለዎ። ንሕና ኣብ'ዚ ሓሳባትና ነቕርበሎም፡ ካብኣቶም እውን ንሰምዕ። ኣብ መወዳእታ፡ ድምር ናይ'ቲ እነካይዶ መስርሓት ነቲ ዝበሃል ዘሎ ዋዕላታትን ካብኡ ክመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢታትን ሓጋዚ ስለዝኾውን፡ ኣቀራርባና ኣብዛ ዋዕላ'ዚኣ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልኦት ዋዕላታት እውን እንተኾነ ከምኡ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብዛ ዋዕላ'ዚኣ ምስ ፕረዚደንት ኣብ ዝተገብረ ርክብ፡ ኩለን እተን ዝነበራና ብኣሕጽሮት እተን ነጥብታት ተሰሪዐን ቀሪበን ኣለዋ። በዚ ዝውዳእ ዘይኮነ ግን፡ ነታ ሰነድ ብምልእታ ደሚርና ከነስዕበሎም ምዃንና ተመባጺዕናሎም ኣለና። ተመሊስና ዕዮ ገዛና ገይርና ነታ ወረቐት/ሰነድ ክነቕርበሎም ኢና።

**ሕቶ - ማዕረ ማዕረ'ቲ ዋዕላ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ጐድናዊ ርክባት'ውን ኣካዪድካ ነይርካ። ኣብ ምንታይ ዘተኮረ ዛዕባታት ተዘራሪብኩም?**

እቲ ካልእ ጐድናዊ ርክባት፡ ዝበዝሕ ዳርጋ ምስ መካይድና መሻርኽትና ኣፍሪቃውያን እዩ ነይሩ። እዚ ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኮነን። ኣብ ነንበይኖም ኣጋጣሚታት - ኣብ ናይሮቢ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ እውን ተላዒሉ ነይሩ። ኣብ ናይ ካይሮ ምስ ናይ ሱዳን ጉዳይ ዝተዛመደ ነይሩ። ዘይርካ ዘይርካ፡ ቅድሚ ምስ ካልኦት ካብ'ቲ ክፍለ-ዓለም ወጻኢ እንገብሮ ዝርርባት፡ ኣብ ውሽጥና ዝካየድ ምይይጥ ክሕይል ክኽእል ኣለዎ። እቶም እንዛረበሎም ኣርእስቲታት ሰሪዕና ክንዛረብ ሰለዘለና፡ ዋላ ንዕላል ዝመስል - ሰላምታ ንምልውዋጥ ኣብ ዝግበር ርክባት'ውን፡ እዞም ጉዳያት እዚኣቶም እናኣልዓልካ ምስ ኩሎም እቶም እንረኽቦም - “ዋእ! ንሕና ንኻልኦት ክንሓሚን ክንራገምን ክንነብር ኣይኮንናን። ብኸምኡ ገይርካ ዝፍታሕ ሽግር የለን። ዕዮ ገዛና ንግበር። ኣረዳድኣና ነስምሮን

ነቀራርቦን” ክንብል ክንክእል ኣለና። ርግኣት፡ ሰላም የድልየና እዩ። ነዚ ህውከት ዝፈጥረልና ዘሎ ኩነታት ብግቡእ ገምጊምና፡ ፍታሕ ክንረኽበሉ ኣለና። ስለ’ዚ፡ ምስ ኩሎም ናይ ኣፍሪቃ መራሕቲ - ልኡኻት ይኹኑ ካብኡ ወጻኢ ዝግበር ጕድናዊ ርክባት፡ ነዞም ኣርእስቲታት እዚኣቶም ከነዕሙቖም ስለዘለና፡ ነናትና መረዳእታታት እውን ስለ ዝጸንሓና፡ ነዚ መረዳእታት’ዚ ብውሑዱ ከነቀራርቦ ምእንቲ - ነቲ ኣጋጣሚ ብግቡእ ተጠቒምናሉ ክበሃል ይከኣል።

ሓዳስ ኤርትራ 9 ሰነ 2024